

ብመም ተኪአ መብራህቱ

# ቀኖና መጽሓፍ ቅዱስ ምጥርናፍ 66 መጻሓፍቲ



## ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ኣብቲ ዝሓለፈ ሕታም "ብስራት" ቍጽሪ 38፣ ሕዳር 2003፣ "ቀኖና መጽሓፍ ቅዱስ፣ ምጥርናፍ 66 መጻሕፍቲ፣" ዝብል ኣርእስቲ ተኸቲልና፣ ብዛዕባ፣ ቀኖና ዚብል ቃል ዜስምዖን ኣምሩን፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሓጺር ታሪኽ ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ተዛቲና። ቀጺልና በተን ተሪፈናና ዘለዋ ነጥብታት ተዛቲና ንዛዝሞ።

## 3. ቀኖናዊነት ብምንታይ ይውሰን?

ቀኖናዊነት፣ ካብቲ ታሪኹ ከም እነስተብህሎ፣ ዘይውሰኽ ዘይንከዮ፣ እተወሰነ ሕጹር ደምበ እዩ። ብዘይካ እዞም ቀኖናውያን እንብሎም 66 መጻሕፍቲ፣ ኣብ መንጎ 1450 ቅ.ል.ክ. ክሳዕ 97 ድ.ል.ክ. ዘሎ ዘመናት (ካብ ሙሴ ክሳዕ... ሃዋርያ ዮሃንስ) እተጻሕፉ፣ ካልኦት ኣማእታት ኣለዉ። እዚኣቶም ገሊኦም ብዘበናት ቀኖናውያን፣ ብፍላይ ድማ ብዘበን ድርቀተ-ነብያት ዝተጻሕፉ እዮም።

ነዞም ኣማእታት መጻሕፍቲ ወጊንና ነቶም 66 መጻሕፍቲ ጥራይ ቀኖናውያን ዘብለና ምኽንያትሲ እንታይ እዩ? ታሪኻዊ መልሲ ኣለዎ።

### 3.1. መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ምስክር'ዩ

ቀኖናዊነት ናይ እቶም እንዛረበሎም ዘሎና መጻሕፍቲ ብመጀመርታ ብመር መራ ናይ ጉባኤ ሓሊፉ ዝጸደቐ ከም ዘይኮነ ነቕልበሉ።

ጉባኤታት ይጠበቕ ደኣ እዮም ኢሎም እምበር ይጽደቕ ኣይበሉን። ኣብ ደረጃ ጉባኤ ክበጽሕ ከሎስ ቀኖናዊ ምንባሩ ድሮ ተዓዚብና ኣሎና።

ቀኖናዊ መጽሓፍ እንታይ ዓይነት መጽሓፍ ምዃኑ፣ ቀዳማይ ምስክር መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ መጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ኰይኑ ከም እተጻሕፈ ኣብ 2ይ መልእኽቱ ምዕ ራፍ 1፣21 ከምዚ ገይሩ የተምብሆ፣-

> "ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፣ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።"



ሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ትንቢት ኪብል ከሎ ካብ ካልኦት መጻሕፍቲ ብፍልይ ዝበለ ዓ ይኒ ክንጥምቶም ዝግብኣና መጻሕፍቲ ከም ዘለዉ ይእምተልና። ነዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ብናይ ሓባር ረቛሒ ሽም ቀኖናውያን ኢልና ንሰምዮም።

እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ብቅዱሳት ሰባት ከም እተነግሩ ወይ እተጻሕፉ፣ እዞም ነብያት እዚኣቶም ድማ ኺነግሩ ወይስ ኺጽሕፉ ኸለዉ ብመንፈስ ቅዱስ ከም እተመርሑ፣ እዚ ጽሑፍ እዚ መንቀሊኡ ብምንቃድ ናይ ሰባት ከም ዘይኮነ፣ የግዳስ ኣምላኽ ዘንቀደሉ ምዃኑ ይነግረና።




ስለዚ እቶም ጸሓፍቲ ንባዕሎም መሰኻኽር ናይ ቀኖናዊነት ምዃኖም ይምስክሩልና። ማለት፣ እቶም ጸሓፍቲ ብሉይ ኪዳን፣ ናይ ኣምላኽ ባዕሉ ድኣ እምበር፣ ናታቶም ሓሳባት ኰነ ወይስ ቃላት ይዛረቡ ከም ዘይነበሩ ርዱኣት እዮም ነይሮም።። ንኣብነት፣-

- "መንፈስ እግዚኣብሄር ብኣይ ተዛረበ፣ ቃሉ ኸኣ ኣብ ልሳነይ ነበረ።" (2ይ ሳሙ 23፣2)
- "እግዚኣብሄር ይዛረብ ኣሎ እሞ፣ ኣቱም ሰማያት፣ ስምዑ፣ ኣቲ ምድሪ ጽን በሊ፣ ..." (ኢሳ 1፣2)
- "...እግዚኣብሄር ግና በለኒ... ዝእዝዘካ ኹሉ ድማ ተዛረብ... ቃላተይ ኣብ ኣፍካ ኤንብር ኣሎኹ ...።" (ኤር 1፣7 ን 9ን)

ዳዊት፣ ኢሳይያስ፣ ኤርምያስ ... ወዘተ፣ እቲ ዘመሓላልፍዎ ዝነበሩ መልእኽቲ ናይ ኣምላኽ ደኣ'ምበር ቃላቶም ከም ዘይነበረን ካብኦም ከም ዘይነቐለን ርዱኣት እዮም ነይሮም። ተመሳሰልቲ ጥቕስታት ኣብ ብሉይ ኪዳን ልዕሊ 2600 ንረክብ። እቲ ህዝቢ'ውን ከምኡ ገይሩ ከም እተረድኦን እተቐበሎን እተረጋገጸ ታሪኽ ኣሎና።

### 3.2 ተቐባልነት ህዝቢ እስራኤል

ኣቐዲምና ከም እተመልከትናዮ ካብ ዘበን ሙሴ ጀሚሩ ክሳዕ ዘበን ነብይ ሚልክያስ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ተባ ሂሎም ብናይ እስራኤል ሕብረተ-ሰብ ቅቡላት ዝኾኑ መጻሕፍቲ ምንባሮም መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን የረጋግጹልና።

ከምኡ'ውን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ፣ ብዙሓት መጻሕፍቲ እኳ እንተ ኣለዉ፣ ንምስክር ዝኣክል ሓደ ጥራይ ምጥቃስ እኹል እዩ። ንሱ እቲ በዓል ዝና ዝኾነ ፍላቭዩስ ዮሲፈስ (37–100 ድ.ል.ክ.) እዩ። ዮሲፈስ ናይ ታሪኽ ኣይሁድ ሊቅ፣ ፈሪሳዊ፣ ወለዶ ነገስታትን ካህናትን፣ ጸሓፊ፣ ጀነራል እዩ ነይሩ። ኣብቲ መጻሕፍቱ በቲ ዘበኑ ነዞም 39 ቀኖናውያን መጻሕፍቲ፣ መጻሕፍቲ ኣዋልድ

ወይ ፕሱደፒግራፋ ከይወሰኽ፡ ከም ናይ ብሉይ ኪዳን ቀኖናውያን ተር ኣቢሉ ይሰርያም፡፡

ጉባኤታት ተኣኪቦም ብዛዕባ ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ኪመምዩ ኸለዉ መምርሒታት ይኽተሉ ከም ዝነበሩ ካብቲ ጽሑፋቶምን ታሪኽን ክንቅርሞ ንኽእል፡፡ ኣብኡ እዞም ዝስዕቡ ነስተብህል፡-

1. እቲ ጸሓፊ ናይ ኣምላኽ ሰብዶ እዩ ነይሩ?
2. እቲ ዘቕርቦ ትምህርትን መልእኽትንከ ነቲ ቅዱስ፡ ኩሉ ዝፈልጥ፡ ኩሉ ዝኽእል፡ ኣብ ኩሉ ዘሎ፡ ዘለኣለማዊ፡ ምሕረተኛ ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን ዘኽብርዶ እዩ?
3. ትምህርቱ ምስቲ ኩሉ ምግላጽ ናይ ኣምላኽ ተቓድዩዶ ይሳመር እዩ?
4. ካብ ኩሉ ነውርታትን ኣበራትንዶ ነጻ እዩ?
5. መሰነይታ ተኣምራታዊ ምልክትዶ ኣለዎ እናበሉ ዓመታት ዝወስድ መርመራታት የካይዱ ነይሮም፡፡

ብርቱዕን ጊዜ ወሳድን ዝኾነ መርመራታት የካይዱ ከም ዝነበሩ ኣሰር ሓዲጎምልና ኣለዉ። መጽሓፍ ቅዱስ ብርቱዕ መስዋእትን ቃልስን ከፊሎም ዘተሓላለፉልና መጽሓፍ እዩ፡፡

### 3.3 ምስክር የሱስ ክርስቶስ ንቀኖናዊነት ብሉይ ኪዳን

ምስክር ናይ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንቀኖናዊነት ብሉይ ኪዳን እቲ ዝለዓለ እዩ፡፡ ምስክር ናይቶም ብሉይ ኪዳን ኺጽሕፉ ኣምላኽ ዝመረጾም ቅዱሳት ሰባትን፡ እተቐበልዎ ህዝብን፡ ሊቃውንቲ እስራኤልን ርኢና፡፡ ምስክር ናይ የሱስ ክርስቶስ ከኣ መዘና ዘይብሉ ዝለዓለ ምዃኑ ዝሕብሩልና ጥቕስታት ንመልከት፡

- "ብዘሎ ምልኣት ኣብኡ ኺሓድር፡ ኣቦ ሰሚርዎ ኣሎ እሞ..."(ቈሎ 1፡19)
- "ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሓዲርዎ እዩ እሞ፡..."(ቈሎ 2፡9)

ነብይ ዮሃንስ ብርቱዕ ልኡኽ ኣምላኽ ዚነበረ፡ ንየሱስ ክርስቶስ ምስ ካልኦት ነብያት ከመዛዝኖ ከሎ ከምዚ ይብል፡-

"እቲ ኻብ ላዕሊ ዚመጽእ ዘሎ፡ ንሱ ልዕሊ ኩሉ እዩ፡፡ ካብ ምድሪ ዝኾነ ምድራዊ እዩ፡ ናይ ምድሪውን ይዛረብ፡፡ እቲ ኻብ ሰማይ ዚምጽእ ዘሎ ግና፡ ንሱ ልዕሊ ኹሉ እዩ፡፡ ... ኣምላኽ መንፈሱ ሰፊሩ ኣይህብን እዩ እሞ፡ ኣምላኽ ዝለኣኾ፡ ንሱ ቓል ኣምላኽ እዩ ዚነግር፡፡" (ዮሃ 3፡31፡34)

እምብኣርከስ፡ እቲ ኩሉ ዚፈልጥ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ዝመስከረሎም ምስክር ንስማዕ፡፡

ኣብ ማቴዎስ 15፡3፡6 ነቲ ብሉይ ኪዳን፡ "ቃል ኣምላኽ" ኢሉ ይሰምዮ፡፡ ከም ቃል ኣምላኽ ድማ የሱስ ክርስቶስ ካብ መጻሕፍቲ ኦሪት፡ ካብ መዝሙር ዳዊት፡ ካብ ኢሳይያስ፡ ካብ ዘካርያስ፡ ካብ ሚልክያስ ... ወዘተ፡ እናጠቐሰ ይዛረብ፡፡ ከምቶም ኣይሁድ ነቲ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ሕግን፡ ነብያትን፡ መዝሙርን እናበለ ይጠቕሶ፡፡

ንሕና ከም ክርስትያናት መጠን፡ ንብሉይ ኪዳን ከም ቀኖናዊ ቃል ኣምላኽ ክንቅበሎ ከሎና ኣሰር የሱስ ክርስቶስ ንስዕብ ኣሎና። ስለዚ ብእኡ ክንሕጐስ ይግብኣና፡፡



### 3.4 ምስክር ሃዋርያትን ቤተ-ክርስትያንን

ከምኡ'ውን እቶም ሃዋርያት፡ ኣሰር ኣቦታቶም፡ ኣሰር ታሪኾም፡ ኣውራ ድማ ኣሰር የሱስ ክርስቶስ ተኸቲሎም ንመጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ከም ቀኖናውያን ከም እተቐበልዎም ንርኢ፡፡ ንኣብነት ኣብ ግብ 1፡16። ሮሜ 16፡26። 2ይ ጢሞ 3፡16፡17። እብ 10፡16፡17 5፡12፡፡ ከንንብብ ንኽእል።

ጸሓፍቲ ሓዲስ ኪዳን ካብቶም 39 መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ቀኖናውያን ምዃኖም እናተምብሁ ልዕሊ 1600 ዚኾኑ ጥቕስታት ይጠቕሱ፡፡

## 4. ቀኖናዊነትሲ ሕጹር ደንበዶ'ዩ?

ቀኖናዊነት ናይ ዝኾነ መጽሓፍ ብሉይ ኪዳን ዝውስኖ እንታይ እዩ ዚብል ሕቶ ኣቐዲምና ኣልዒልናዮ ኔርና፡፡ ጉባኤታትን ሊቃውንትን ንቀኖናዊነቱ ዘመስከረ ጽሑፍ ይጠበቕ በሃልቲ ድኣ እምበር መጽደቕቲ ወይ መፍረስቲ ክኾኑ ከም ዘይክእሉ ድማ ኣቐዲምና ተዛቲናሉ ኣሎና፡፡

ቀኖናዊነት ዝውሰን፡ ብቐዳሚነት፡ ብውሽጣዊ መንነት ናይቲ መጽሓፍ እዩ። እዚ ማለት፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪጾምን ተመሪሖምን ዝጸሓፉዎ ምዃኑ እዩ፡፡ ሰባት ወይ ጉባኤ ኪውሰኽሉ ወይ ኪንክይሉ ስልጣንዶ ኣለዎም? ይኽእሉዶኸ እዮም? ዘዳዕድዔ መልሱ፡ ኣይክእሉን እዮም እዩ፡፡

ስለዚ፡ ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን <u>ዘይውሰኽ፡ ዘይንከዮ፡ እተፈጸመ መጽሓፍ ስለ ዝኾነ ንሓዋሩ ሕጹር ደምበ ምዃኑ ክንርድኦ ይግብኣና</u>፡፡

## 5. ቀኖናዊነት ሓዲስ ኪዳን

### 5.1 ብዘበን ሃዋርያት- 50–100 ድ.ል.ክ

ቀኖናዊነት ሓዲስ ኪዳን ከምቲ ናይ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ዘገም እናበለ ገስጊሱ ብ325 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ እዩ ተዛዚሙ፡፡ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ክንተኮረሉ ዘሎና እቲ ክሳዕ 100 ድ.ል.ክ. ዘሎ፡ ዘበን ሃዋርያት ኢልና እንሰምዮ እዩ፡፡ በዚ ዘበን እዚ እቶም 27 መጻሕፍቲ ናይ ሓዲስ ኪዳን፡ ዳርጋ ካብ 50 ክሳዕ 97 ድ.ል.ክ. ዘሎ ጊዜ ተጻሒፎም፡፡

እተጻሕፍሉ ቀረባ ግምት ናይ ድ.ል.ክ. ጊዜታቱ እንሆ።

| መጽሓፍ | ዝተጻሕፈሉ እዋን |
|---|---|
| ወንጌል ማቴዎስ | ብ60 ድ.ል.ክ. |
| ወንጌል ማርቆስ | ብ 57 ድ.ል.ክ. |
| ወንጌል ሉቃስ | ብ 58 ድ.ል.ክ. |
| ወንጌል ዮሃንስ | ብ 86 ድ.ል.ክ. |

| | |
|---|---|
| መልእኽቲ ሮሜ | ብ 57 ድ.ል.ክ. |
| 1ይ ቈረንቶስ | ብ 55 ድ.ል.ክ. |
| 2ይ ቈረንቶስ | ብ 55 ድ.ል.ክ. |
| መልእኽቲ ንገላትያ | ብ 53/57 ድ.ል.ክ. |
| መልእኽቲ ንኤፌሶን | ብ 60 ድ.ል.ክ. |
| መልእኽቲ ንፊልጲ | ብ 61 ድ.ል.ክ |
| | |
| መልእኽቲ ንቆሎሴ | ብ 60 ድ.ል.ክ. |
| 1ይ ተሰሎንቄ | ብ 51/52 ድ.ል.ክ. |
| 2ይ ተሰሎንቄ | ብ 51/52 ድ.ል.ክ. |
| 1ይ ጢሞቴዎስ | ብ 63/65 ድ.ል.ክ. |
| 2ይ ጢሞቴዎስ | ብ 66/67 ድ.ል.ክ. |
| | |
| መልእኽቲ ንቲቶስ | ብ 63/65 ድ.ል.ክ. |
| መልእኽቲ ፊልሞን | ብ 60 ድ.ል.ክ. |
| እብራውያን | ብ 67 ድ.ል.ክ. |
| መልእኽቲ ያእቆብ | ብ 50 ድ.ል.ክ. |
| 1ይ ጴጥሮስ | ብ 67/68 ድ.ል.ክ. |
| 2ይ ጴጥሮስ | ብ 65/68 ድ.ል.ክ. |
| 1ይ ዮሃንስ | ብ 85/95 ድ.ል.ክ. |
| 2ይ ዮሃንስ | ብ 85/95 ድ.ል.ክ. |
| መልእኽቲ ይሁዳ | ብ 80 ድ.ል.ክ. |
| ራእይ ዮሃንስ | ብ 95 ድ.ል.ክ. |
| | |

በዚ ዘበን እዚ ብዛዕባ ተሰሪያም ዘለዉ መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን እንታይ ቀኖናዊነት ኣሎና? ብቐዳማይ ደረጃ ኣብ ውሽጢ እቲ ሓዲስ ኪዳን ባዕሉ እንምልከቶ ሓበሬታ እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ብዛዕባ ብሃዋርያ ጳውሎስ ተጻሒፎም እተዘርግሑ ጽሑፋት፡ ኣብቲ ካልኣይ መልእኽቱ ኣብ ምዕራፍ 3፡ 15-16 ይጠቅስ።

ጴጥሮስ ነቶም ኣብ ክፍለ ሃገራት ጳንጦስ፡ ገላትያ፡ ቀጰዶቅያ፡ እስያ፡ ቢቲንያ ዝነበሩ ክርስትያናት እዩ ደብዳቤኡ ብ64 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ ጽሒፉዎ። ነዚኣቶም ደብዳቤታት ጳውሎስ ከም ዝበጽሖም፡ ነዞም ደብዳቤታት እዚኣቶም ድማ “ጽሑፋት” ዝብል ስም ከም ዚሃቦም ይእምተልና።፡ ከምዚ ኣጸዋውዓ ዕላዊ መጸዋዕታ ናይ ቀኖናውያን ጽሑፍት እዩ።

ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ ደብዳቤታት ናብ ሓሙሽተ ክፍለ ሃገራት ከም እተላእከ ተሓቢሩልና ኣሎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ኣብ ቆሎሴ ምዕራፍ 4፡16 እቲ ናብ ሓንቲ ማሕበር ኣተላእከ ደብዳቤ፡ ዘዋሪ ምንባሩ ይነግረና። “እዛ ደብዳቤ እዚኣ ኣብኻትኩም ምስ ተነበት፡ ኣብ ማሕበር ሎዲቅያ ኸኣ ከም እትንበብ፡ ነታ ኻብ ሎዲቅያ እትመጽእ ንስኻትኩምውን ከም እተንብብዋ ግበሩ።”

መብዛሕትኡ ጊዜ ቅዳሕ ኣትሪፎም ነቲ ሰኹሪ ደብዳቤ ዘዋሪ ይገብርዎ ነይሮም። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ ከም መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ብዝሒ ማኑስክሪፕት ዘለዎ ናይ ጥንቲ መጻሕፍቲ ከቶ የልቦን። (1000፡1)። ስለዚ እተፈላለያ ማሕበራት ኣብ ዓዓዱ ዝነበራ ከይተፈለጠን ማዕከን ቀኖናውያን ጽሑፋት ኰና።

መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ኣብ መንጎ 50--97 ድ.ል.ክ. ተጻሒፎም ምስ ተፈጸሙ፡ ቀኖናውያን መምርሒ ኹይኖም የገልግሉ ነበሩ። ግናኸ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ድሕሪ ዘበን ሃዋርያት ኣዝዮም ብዙሓት መጻሕፍቲ ክጽሓፉ ጀመሩ። ኣየኖት እዮም ብዕሊ ቀኖናውያን ዚብል ሕቶ ከኣ ተላዕለ።

## 5.2 ካብ 140 ዓ.ም - 1546

ቀዲሙ ነዚ ሕቶ እዚ መልሲ ዝሃበሉ እቲ ብርቱዕ ጽልዋታት ናይ ፍልስፍና ግኖስቲሲዝም ዝነበሮ መናፍቓዊ፡ ማርሲዮን (85-160 ድ.ል.ክ.) ዝብሃል እዩ። ማርሲዮን ንቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ብምሉኡ ነጺጉዎ።

ካብ ሓዲስ ኪዳን ድማ መልእኽትታት ጳውሎስን ክፍልታት ወንጌል ሉቃስን ጥራይ ሰሪዑ፡ እዚኣቶም እዮም ቀኖናውያን ኢሉ መሃረ። ብምኽንያት ስግንጢራት ሓሳባቱን ህልኸኛ ጠባያቱን ደጋጊሙ ብማሕበራት ተወጊዙ ነይሩ። ሰራም ማርሲዮን፡ ነታ ማሕበር ኣመንቲ ብዕሊ ቀኖናዊነት መጻሕፍታ ከተጽፍፍን ከተነጽር ምኽንያት ኰና።

ሙራቶሪ ሉደቪኮ ኣንቶንዮ (1672 - 1759) እተባህለ ካቶሊካዊ ሊቅ፡ ቅድሚ 200 ዓ.ም. ብሂፖሊቱስ እተጻሓፈ ዝርዝር መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ዝሓዘ ረኺቡ። እዚ ዝርዝር እዚ፡ ብዘይካ መልእኽቲ ናብ እብራውያን፡ መልእኽቲ ያእቆብ፡ 3ይ መልእኽቲ ዮሃንስ፡ ነቶም ዝተረፉ 24 መጻሕፍቲ ኵሎም ይጠቕሶም። ስለዚ ነዚ ጕዳይ ናይ ቀኖናዊነት ብዓንተቦ ከም እተዓጥቁሉ ኣሰራት ኣሎና።

ዝስዕቡ ናይ ጥንቲ ሊቃውንቲ ቤተ-ክርስትያን፡ በቲ ኣብ ሓጹር ዘሎ ናይ ድሕሪ ልደተ-ክርስቶስ (ድ.ል.ክ.) መዋእል ዝነበሩ፡ ኣብቲ መጻሕፍቶም ዝርዝር ናይ 27 ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ይህቡና።

- ኦሪጅን ካብ 185--254 ዓ.ም ዝነበረ፡
- ኤሱብዮስ ካብ 260--340 ዓ.ም ዝነበረ፡
- ኣትናቴዎስ ካብ 293--373 ዓ.ም ዝነበረ፡
- ኤጲፋኖስ ካብ 315--403 ዓ.ም ዝነበረ፡
- ሲሪል ካብ 315--386 ዓ.ም ዝነበረ፡
- ጀሮም ኣብ 382 ዓ.ም ዝነበረ፡
- ኣጎስቲን ኣብ 394 ዓ.ም ዝነበረ፡
- ሩፊኑስ ኣብ 390 ዓ.ም ዝነበረ፡

ካልኦት ሊቃውንቲ እውን፡ ኣብቲ መጻሕፍቶም፡ ዝርዝር ናይ እዞም 27 መጻሕፍቲ ከም ቀኖናውያን እናጠቐሱ ይህቡና።

ከምኡ'ውን ጉባኤታት ድማ ዝርዝር ናይ እቶም ቀኖናውያን ኢሎም ዝኣወጁሎም መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን

ይህቡና፡፡ ንኣብነት ጉባኤ ናይ ካርተጅ ብ 397 ዓ.ም ዝርዝር ናይ እቶም 27 መጻሕፍቲ ኣስፊሩ ብዕላዊ ኣዋጅ ቀኖናውያን ምዃኖም ይብይነልና፡፡ ጉባኤ ትሩላን ድማ ነዚ ኣዋጅ እዚ ብ692 ዓ.ም ይጠበቕ በሎ።

ከምቲ ብዘበን ድርቀተ-ነብያት ዝኾነ፡ ድሕሪ ሞት ሃዋርያት፡ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ብዙሓት መጻሕፍቲ ተጻሒፎም፡፡ ጸሓፍቲ ናይ እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ቅዱ ኣጸሓሕፋ ናይ ሓዲስ ኪዳን ተኸቲሎም ጸሓፉ፡፡ ሓዲስ ኪዳን ብኣርባዕተ ቅዲ እዩ ተጻሒፉ። ማለት ኣርባዕተ ወንጌላት፡ ሓደ ግብሪ ሃዋርያት፡ ዕስራን ሓደን መልእኽትታት፡ ከምኡ'ውን ሓደ ራእይ እዮም፡፡

ድሕሪ ዘበን ሃዋርያት፡ በዚ እተጠቕሰ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ካብ 25 ዘይውሕዱ ወንጌላት ተጻሒፎም፡፡ ንኣብነት፡ ወንጌል ያእቆብ፡ ወንጌል ቶማስ፡ ወንጌል እቲ ሕጻን የሱስ፡ ወንጌል ጴጥሮስ፡ ወንጌል ዕ ርገተ ማርያም፡ ... ወዘተ፡ ብዝብል ኣስማት ይፍለጡ፡፡

ንኣብነት፡ ወንጌል ቶማስ ክብል ከሎ፡ ከምቲ ወንጌል ማቴዎስ ብርግጽ ብሃዋርያ ማቴዎስ እተጻሕፈ፡ ኣይኮነን። ወንጌል ቶማስ ብርግጽ ብቶማስ ኣይተጻሕፈን፡፡ መጻሕፍቶም ሃዋርያዊ ተቐባልነት ረኺቡ መልእኽቲ ምእንቲ ከተሓላልፍ እቶም ጸሓፍቲ ሽም ለቢሶም ዝጸሓፍዎ እዩ፡፡

ከምቲ ብርክት ዝበሉ ወንጌላት ተባሂሎም ቅዲ ናይ ሓዲስ ኪዳን እተጻሕፉ፡ ከምኡ ድማ ቅዲ ግብረ ሃዋርያት ተኸቲሎም እተጻሕፉ ኣለዉ፡፡ ግብረ ጳውሎስ፡ ግብረ ጴጥሮስ፡ ግብረ ዮሃንስ፡ ግብረ እንድርያስ፡ ግብረ ቶማስ፡ ግብረ ታዴዎስ፡ ግብረ ፊሊጶስ፡ ግብረ ማትያስ፡ ... ወዘተ፡ ተባሂሎም ይጽውዑ፡፡

ከምኡ ድማ ቅዲ መልእኽትታት ሓዲስ ኪዳን ተኸቲሎም፡ 3ይ ቈረንቶስ፡ መልእኽቲ ናብ ሎዲቅያ፡ መልእኽቲ ናብ እስክንድርያ፡ መልእኽቲ ናብ ሰነካ፡ መልእኽቲ ሃዋርያት፡ መልእኽቲ ዲዳስካልያ፡ ስርዓተ ሃዋርያት እተባህሉ ኣለዉ፡፡

ቅዲ ራእይ ዮሃንስ ተኸቲሎም እተጻሕፉ ድማ፡ ዕርገት ኢሳይያስ፡ ራእይ ጴጥሮስ፡ ራእይ ጳውሎስ፡ 2ይ ራእይ ዮሃንስ፡ መጻሕፍቲ ሲቢል ዝብሃሉ ኣለዉ።

እዞም ኩላቶም፡ ወንጌላት፡ ግብሪታት፡ መልእኽትታት፡ ራእይታት ተባሂሎም ዘለዉ፡ ብቑጽሪ ልዕሊ 54 ዝኾኑ፡ ኣብ 150--400 ድ.ል.ክ. ዘሎ ዘበን እተጻሕፉ እዮም። ክሳዕ እዚ ቀረባ እዋናት ድማ ዳርጋ ኩሎም ከም ቀኖናውያን ተቘጺሮም ኣይፈልጡን፡፡

### 5.3 ካብ 1546 -- ....

ነቶም 27 ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን እተወሰኾም የልቦን። ጉባኤ ትረንት ብ 1546 ዓ.ም. ነቶም 39 ናይ ብሉይ ኪዳን ጥራይ እዩ ወሲኹሎም፡፡ ኦርቶዶክሳውያን ተዋህዶ ዝጥቀሙሉ ግና ንስርዓት ቤተ-ክርስትያን ብዝምልከት ንኡስ ደረጃ ዝሓዘ ወሰኽ ናይ ካልእ ሸሞንተ መጻሕፍቲ ኣብ ልዕሊ እቶም 27 ይርከብዎ።

ስለዚ ብዛዕባ ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ብዚምልከት ዝበለጸ ስምምዕ ኣሎ፡፡



## 6. መጠረፍታ

መጽሓፍ ቅዱስ ብብዙሕ መገድታትት መዘና ዘይብሉ ንቕያ ዝኾነ መጽሓፍ እዩ፡፡ ሓደ ካብኡ ድማ እቲ ንዛተየሉ ዘሎና ኣርእስቲ፡ ቀኖናዊነቱ፡ ይኸውን፡፡ በዚ ኹሉ ዘበናት ከይጠፍአ፡ ከይተረመሰ፡ ተሓልዩን ተዓቂቡን ሓደ መጽሓፍ ኰይኑ ምጥርናፉ ክንገር ዘለዎ መስተንክር ዛንታ ኰይኑ ንረኽቦ፡፡ ናይቲ "ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ፡" ዝበሎ ሓቅነት ከኣ የረጋግጸልና፡፡

ከም ስነ-ጽሑፍ መስተንክር፡ ምዕ ቋሩ'ውን መስተንክር ዝኾነ፡ መዘና ዘይብሉ፡ ተኣምራታዊ መጽሓፍ ከም መጽሓፍ ቅዱስ ከቶ የልቦን። ብ 1450 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ኪጽሓፍ ፈሊሙ፡፡ ዘገም ኢሉ ኣብዝን ኣብትን እናተወሰኸ ድማ ብ 100 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ ተፈጺሙ፡፡ 66 መጻሕፍቲ ኰይኑ ክዝዘም ከሎ ንምጽሓፉ 1500 ዓመታት ዝወሰደ መጽሓፍ እዩ። ኣምሳኽ ባዕሉ እንተ ዘይከውይኑ ድማ ክንድዚ ዓመታት መዋእል ዘለዎ ጸሓፋይ ሰብ ከቶ የልቦን፡፡

እቶም ጸሓፍቱኸ? ካብ ኣርብዓ ሰባት ንላዕሊ፡ ጓሳ፡ ንጉስ፡ ነጋዳይ፡ ሓኪም፡ ሊቃውንቲ፡ ካህን፡ ወተሃደር፡ ሓኪም ... ወዘተ፡ እዮም፡፡ ገሊኦም ብእብራይስጢ፡ ገሊኦም ብኣራማይስጢ፡ ገሊኦም ድማ ብግሪኽ፡ ጽሒፎም፡፡ መብዛሕትኡ ኣብ ፍልስጢንያ ኰይኖም እዮም ጽሒፎሞ። ግናኸ ኣብ ባቢሎን፡ ኣብ ሮማ፡ ኣብ ንእሽቶ እስያ፡ ኣብ ግሪኽ፡ ኣብ በረኻታት ምድሪ ዓረብ እተጻሕፉ ድማ ኣለዉ፡፡

እንታይ ዓይነት መጽሓፍከ እዮም ጽሒፎም? ዛንታ ሰባት፡ ስነ-መለኮት፡ ፍልስፍና፡ ግጥሚ፡ ትንቢት፡ ወለዶታት፡ ብዛዕባ ፍቕሪ፡ ዛንታት ናይ መገሻታትን ተኣምራታትን ... ወዘተ፡ ኣብኡ ንረክብ፡፡ በብዓይነቶም ሰባት፡ እተፈላለዩ መዋእልን ቦታታትን፡ እተፈላለዩ ዓይነት ስነ-ጽሑፋት ዝሓዘ መጽሓፍ እዩ፡፡ እንተኾነ'ውን ሓደ ስሙር ጥርኑፍ መጽሓፍ እዩ፡፡ እዚ ኹሉ ተሳሚሩ ኺንገር ከሎ ኸኣ ቀኖናዊነቱ የመልክተልና፡፡

መጽሓፍ ቅዱስ ብጊዜ ኾነ ብተጻባእቲ ዘይጸንት መጽሓፍ ኰይኑ ምርኣይና ድማ መስተንክር ናይ ቀኖናዊነቱ እዩ። ቮልተየር (1694--1778 ዓ.ም.) እቲ ውሩይ ደራሳይ ንመጽሓፍ ቅዱስ ኬጥፍእ ዓጢቑ ዝነበረ ጸረ፡ "ድሕሪ ሓደ ሚእቲ ዓመታት ኣብ ሚዩዚየም እንተ ዘይከውይኑ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ዚብሃል ኣብ ዓለም ከም ዘይህሉን ዘይንበብን ኺገብሮ'የ፡" ኢሉ ፈኪሩ።

እቲ ዘገርም፡ እታ ቮልተየር ኣንጻር መጽሓፍ ቅዱስ ጽሑፋት ዝሓትመላ ዝነበረ ቤት ማሕተም፡ ቤት ማሕተም ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ኰነት። እታ ዝነብረላ ዝነበረ ቤቱ ድማ ቤት ጽሕፈት ናይ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ፡ ናይ ጀኖቫ ኰነት፡፡

ሕጂ መጻሕፍቲ ቮልተየር ዳርጋ ዘንብቦ የሎን፡፡ ግናኸ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሃገር እንግሊዝ ከም ዝሕብሮ፡ መዓልቲ-መዓልቲ ልዕሊ 40,000 ዝኸውን መጽሓፍ ቅዱስ፡ እንተ ወሓደ ብ 700 ቋንቋታት ተሓቲሙ ይዝርጋሕ ኣሎ፡፡

ብዘበንና መጽሓፍ ቅዱስ ንምጽናት እተዓጥቁ ዴሳውያን ነይሮም፡ ሕጂ'ውን

ኣለዉ። ግና ነቶም ቀዳሞት ኣይሰለጠሞን ሕጂ'ውን ኣይክሰለጦምን እዩ፡፡ ሂትለር ኣይሁድን ንክርስትያናትን ኣጥፊኡ፡ ንመጽሓፍ ቅዱስ በቲ ናቱ "መይን ካምፕፍ" ዝብሃል መጽሓፍ ተኪኡ፡ "ዝለዓለ ዓሌት" ኪፈጥር በዲሁ ተዓጢቑ ነይሩ፡፡ ኣይሰለጦን፡፡ ከምኡ'ውን፡ ንግስቲ መሪ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ፈቲና ኣይሰለጣን፡፡

መጽሓፍ ቅዱስ ንምጥፋእ እተዓጥቀ ኩሎም ዝሰለጦም የለዉን፡፡ ምናሴ ንጉስ ናይ ኣይሁድ (697–642 ቅ.ል.ክ.) ፈቲኑ፡፡ ግናኸ፡ ድሕሪ ዕስራ ዓመታት ወዲ ወዱ ዝኾነ ንጉስ ዮኣስ፡ ነቲ ተሓቢኡን ጠፊኡን ዝነበረ መጽሓፍ ቅዱስ ረኺቡ ምንቕቓሓን ምሕዳስን ጀመረ፡፡

ንጉስ ኣንቲዮኩስ ኤፒፋኑስ፡ ንእስራኤል ዚገዝእ ዝነበረ ሶርያዊ ንጉስ ኣብ 162 ድ.ል.ክ. ጀሚሩ ንመጽሓፍ ቅዱስ (ብሉይ ኪዳን) ፈጺሙ ኺጥፍእ ተንስኡ፡፡ ንኣይሁድ ምእንቲ ኺሕርቕ ድማ ኣብቲ ናይ የሩሳሌም ቤት መቕደሶም ሓሰማ ሰውአ። መጻሕፍቶም ድማ ምቅጻል ጀመረ፡፡ ግና ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ኣንቲዮኩስ ብሕማቕ ኣማውታ ሞተ፡፡

ሃጸይ ዲዮክሊትያን ዝተባህለ ብ 303 ድ.ል.ክ. ክርስትያናትን መጻሕፍቶምን ንምጥፋእ ዘስካሕክሕ ጭቈናታት ጀመረ፡፡ እንተ ኾነ'ውን ብ 313 ሃጸይ ኮንስታንቲን ባዕሉ ኣማኒ ኰይኑ ተጠመቐ።

እቲ ዘደንቕ ሮማዊት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን፡ ሓደ ጊዜ ኣንጻር ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ብተራ ሰባት ምንባራ እዩ፡፡ ጳጳስ ሉስዩ ነቶም መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብ ዘተባብዑ ዝነበሩ ዋልደኒዝ ዝበሃሉ ኣመንቲ ወጊዙዎም፡፡

ብ1229 ዓ.ም. ድማ ጉባኤ ቱሉስ ናይ ፈረንሳ፡ ምእመናን ብዘይካ መዝሙር ዳዊትን መጽሓፍ ጸሎትን ካልእ ከየንብቡ ውጉዛት እዮም ነይሮም። መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ተራ ሰባት ዘንብብዎ ቋንቋኦም ምእንቲ ኸይትርጐም ድማ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኣኽሪራ ተቓዊሚት ነበረት፡፡ ስለዚ ድማ እዮም ካቶሊካውያን ካህናት ንዮሃንስ ሃስ (1374–1415 ዓ.ም.) ንእኡን ንዝነበሮ መጽሓፍ ቅዱሳትን ድማ ዘንደድዎም፡፡

ሕጂ'ውን እንተኾነ ንመጽሓፍ ቅዱስ ምጥፋእ በብመልክዑ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት ይቕጽል ኣሎ፡፡ ኣብ ሃገርና ከይተረፈ!

ብዛዕባ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ኣኻሊ ፍልጠት ዘለዎም ርዱኣት ሰባት ንኹን፡፡ እተኸፍሎን ዝኸፈሎ ዘሎን መስዋእቲ ንፍለጦን ንሳተፎን፡፡ ስለ እቶም እተሰውእሉን እተቓለሱሉን ከኣ ነመስግን፡፡ መዓልቲ ፈሊና ብዕሊ ብኣገባብ ብሓባር ንኽብሮ፡፡ ነቲ ዝካየድ ዘሎ ጽዓታት ብውህበትና ተሳተፍቲ ንኹን፡፡

**መጽሓፍ ቅዱስ ዘይውሸኸ፡ ዘይንከዮ፡ እተፈጸመ መጽሓፍ እዩ።**

**ርሑስ በዓል ትንሳኤ ይግበረልና**